ካብ ብመንፈት ዝሐለፈ
ሐበሬታ ቀሺ ማርቆስ ተበጊሰ
ድያብሎስ ዝበለ ይበል
ኣስላምና ክስታና ሐድነትን ነደልድል'
እንዳ በልኩ
ብግጥመይ ኣጀኹም ኣጀና ክብል''

ተከተልቲ ናይ ሃገር ሰናይ
ካህን ኣባ ተወልደ ብርሃን ጸጋይ
ንድሕነት ህዝቢ ዝመከቱ ንኣባይ''

ወሰደ ሐሞት ናይ ኣያታቱ ዝወረሰ
ንመለይ ክደሊ ወፈሩ ዘይተመለሰ
ንደርጊ ሲዒሩ ንዓስከር ሃይለ ስላሰ
ኣርዮስ ናብ ቃልስና ምስ ተሐወሰ
ኣዘንጊዑና ናዓና መሲሉ ዝተበገሰ''

ናይ ኦርቶዶክስ ምእመናን ኤርትራዊያን
ጸባ ስተዩ ካህናትን ድያቆናን ደብረ ቢዘን
ነቦና ኣንጦንዮስ ዕድመን ጥዕናን ኣሜን
ሞትን ኮናኔን
ንመጽነቲ ህዝቢ ኤርትራ ጋኔን፣

ደለይቲ ፍትሒ ማዓስ ኢና ንዳሎ
ብቃጻ እንበር ዘይገጥም እኳ ብድሎ
ከም እንስሳ ብደውና ይሸጠና ኣሎ፣

ሃብታማት ተጋሩ ኣምሐራን ንኣስመራ
ክዕንድሩላ ምስ ትምክሕቲ ዝመልኦ ጃህራ
ደቀባት ህድማ ንትግራይ ንዓዲ ኣምሐራ
ሳኣን ሐደ ክንዲ ሽሕ ፋሕ ከም ደቂ ዛግራ፣

ህዝቢ ይሕተተኒ ዶ በልካ
ህዝቢ ኣብይ ከይዱ ክሐተካ
ከም ደቂ ሕድርትና ኣብ በዓቲ ሰፊርካ
ከም መራሒ ዝኣመነልካ ዶ መሲሉካ፣

ከም ኣሰለት ደም ዝሰቲ
ንዝኑኡ እንዳ ለኣኸ ሐሰውቲ
ንሱን ጉጅሎኡን መዕነውቲ
ሐዊ ኣጉዶም ህድማ ናብ በዓቲ፣

ትምክሕቲ በዚሑ ኣመና
ብ78 ኣበይ ዲና ነርና
ኣብ ኣፍደገ ኣስመራና
ከምዘይ ነበርና

ብኣሰለት ሳሕል ሐሲርና
ጕራ ጀሚሮም ጎሬቤትና፣

እንቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጕርሶው
ገዳይ እንዳ በሉ ኣትዮም እኒ ገታሾው
ተሳዒሮምስ ተመሊሶም ሕጂ ያዞው
ብኢሱ ትንፋስ ረኺቦም ህንጥሾው፣

ኣብ ባዓትታት ተሰኩዑ
ክንደይ ጀጋኑ በሊዑ
ንዓዲ ምስ ኣተወ ሹዑ
ልቢ ዘይሰኸዑ ቆሉዑ
ሐሰውቲ ኣብ ስድራ ሰኹዑ
ንህዝቢ ኤርትራ ኣዚንጊዑ
ን27 ዓመት ደም ኣንቢዑ፣

ሐቅኻ ዝዕወተልካ ሲኢንካ
እንበር ንስኻ ዶ ምተጃሃርካ
ብደምሒት ጉንበት እንዳ ተሐለኻ
ሑሕ ዝብሉ ኣብ ማዕዶ ከለኻ
መርገም ኣቦና ኣንጦንዮስ ናዓኻ
ኣቦና ሐጂ ሙሳ ኣበይ ከይሰደካ
ካብ ረቢ ወይ ካብ ኣብላኻ

ወይ ብቕጪ ሕርሙ ተጸበ ፍርድኻ፣

ሕጂ ሐዲኡ ምረጹ ህግደፋዊያን
ሽግርና ኣቢይ ኣይፈትሖ ደብረጽዮን
ጭርሖና እወ ኤርትራ ንኤርትራዊያን
ሽግርና ባዕልና ክንፈትሖ ሃገራዊያን፣

ኣርዮስ በይኑ መዓስ ጥሊሙ
ንህዝቢ ኤርትራ ኣሕዲሮም ጾሙ
ጀነራላቱ ብቋራጭ ምስ ሃብተሙ
ህዝቢ ሪሙ ገዲፍሎም ሃዲሙ
ሕጂ ጸጊምዎ ኢልኩም ኣይትጀሃሩ
ብስኒት ሐይሉ ኣዋሃሂዱ ቅልጽሙ
ውዒሉ ሐዲሩ ክምለሶ እዩ ንሪሙ፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑፋር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።